# ዓሻ ዘይመሃር

መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ሃገርና ከመይ ነይሩ
መንዩ ዝነግረና ንዝነበረ ሕማቕ ተግባር ዘኪሩ
ወንበድየዎች ተገንጣዮች እንዳበሉ ንዓድታት ከሕርሩ
ንኤርትራዊ ብጥይት ቀቲሎም ሃይ ዘራፍ ክፍክሩ
    ንዘክሮ ነቲ ክፉእ ሰይጣን ሰብ ዝመስል
    ኣብ ዝኸዶ ከታልል ቅርሺ ክብትን ክዕድል
    ንኤርትራ መሬታምበር ሰባ ኣይንደልን ክብል
    ኣብኩሉ ኤርትራና ቆልዓ ሰበይቲ ክቐትል
    ንገሊኦም ብገንዘብ ኣታሊሉ ኣገልገልቱ ክምልምል
    ቀኛዝማች ግራዝማች ኢሉ ስልጣን ክዕድል
ኣብመሬትና መልኣኽ ንኽመስል ክጽዕር
ንባጽዕ ማርያም ክሳለም ክመጽእ ክሐድር
ክመስል ተፈልዩ ከምመልኣኽ ጸዲቑ ዝነፍር
    ሃይለስላሴ ተባሂሉ ኣብኩሉ ተፈሊጡ ተጸዊዑ
    ክንደይ ህዝብና ቀቲሉ ንብረትና ኣጥፊኡ
    ምስ ገለ ተዓራሪኹ ብመንነቶም ዘይኮርዑ
    ብስልጣን ተገዚኦም ንመፈጠሮም ዝረስዑ
    ከምኣድጊ ክራግሑ ምእንቲ ክነብሩ ምስኡ
    ክንደይ ሰብና ኣጥፊኦም ንስጋ ባዕሎም ክበልዑ
መንግስቱውን ዘይሐይሽዩ ነይሩ ደንቆሮ
ብዙሕ ግፍዕታት ገይሩዩ ኣይንረሳዓዮ ንዘክሮ
    ሽፍታ ተገንጣዮች ወንበዴዎች እንዳበለ
    ሰምበል ማርያም ግቢ ዝረሸነ ዝቐተለ
    መንዩ ዝርስዕ ንዝወደቑ ሬሳታት ዝተሰቕለ
መለስውን ናይ ኣቦታቱ ክፍኣት ክገብር
ተገዚኡ ብጎይተቱ ፈርማ ከምውሻል ከነብር
ዘይከውን ሕልምታት ሐሊሙ ከተግብር
ውዲት ፈጺሙ ንኤርትራዊ መንነትና ክቐብር
    ዓሻ ዘይመሃር ተዝክሮ ዘይውንን ናይ ሰውራና
    ረሲዒዎ ፍጡራት ኤርትራውያን ምኧኑ ስምና
    ይትረፍ ንባድመና ቅንጣብ ቆጽሊ ናይ ሃገርና
    ዋላ ብሳእኖም ረጊጾም ክወስዱ ክቡር ሐመድና
    ስቕ ዝብል ኤርትራዊ የሎን ሐደዩ እምነትና
    ብሐባር ዘይንፈላለ ኤርትራዊ እዩ ራእይና
    ክሳብ ወድቀት ወያኔ ቀጻሊዩ መኸተ ቃልስና
ንርኣዮ ክበኪ ክጥምት በታ ሓባል ዓይኑ
ጥርሑ ወጹ ካብህዝቢ ተፈልዩ በይኑ ኮይኑ
ቻው መለስ ቻው ወይን ፈሸሉ ኩሉ ሕልሙ
ምብራቕ ኣፍሪቃ ብሰላም ክነብር ምስጥቕሙ
    ክንደይ ዘይተገብረ ኣንጻርና ኣንጻር ኤርትራዊነት
    ፍጡራት ደቂ ኤረ ግን ኣለና ብሐባር ብዓወት
    ፖለቲካዊ እምነት ጽንዓትን ተዓጢቕና ብእምነት
    ኣይንሕመቕ ኢሂን ሚሂን ኢልና ንሰማማዕ ብኽብረት
        ዓወት ንሐፋሽ
        ፍሽለት ንኹሎም ጸላኣትና

ብርሃነ ገብረመስቀል 29.09.2008